# ትንሳኤ ካብ ምውት ግብሪ
# ናብ
# ትንሳኤ ምስ ክርስቶስ

ንክርስትና ካብ ዝኾነ ይኹን ካልእ እምነት ዝፈልዮ፡ ብዛዕባ ትንሳኤ ብዘለዎ ፍሉይ እምነት እዩ። ትንሳኤ ናይ ክርስቶስን ናይ ክርስቲያናትን ዘየማእከለ ክርስትና ትርጉም የብሉን። ስለዚ ከኣ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ " ኣብዛ ህይወት እዚኣ ጥራይ ብክርስቶስ ተስፋ እንተገበርናስ ካብ ኩሉ ሰብ እነደንግጽ ምኾንና ኔርና" ዝበለ (1 ቆሮ 15፡19)። ክርስቶስን ክርስቲያናትን ዝድንግጸሎም ዘይኮኑስ ብድንጋጸ ዝተመልኡ ለዋሃት ዝገብሮም እዚ ሓቂ እዚ ኣባቶም ስለዘሎ ጥራይ እዩ። ጎይታ መስቀሉ ጸይሩ ክስቀል ክኸይድ ከሎ ኣንስቲ የሩሳለም ብድንጋጸ ኣልቂሰናሉ። ጎይታ ግን ነዚ ድንጋጸ እዚ ኣይተቐበሎን። ግልጽ ኢሉ ንርእሽንን ንደቅኽንን ብኽያን ደንግጻን ኢልወን። ክርስቶስ ጽቡቕ መፈጸምታን ትንሳኤን ዘለዎ ዝድንግጽ ጎይታ ድኣ እምበር ዝድንገጸሉ ኣይኮነን። ጳውሎስ ንሰብ ተሰሎንቄ ብዘይዚ ሓቂ ክኾኑ ከምዘይፈትወሎም ገሊጹ። "ግናኸ ኣሕዋተይ፡ ከምቶም ዘይብሎም ካልኦት ምእንቲ ከይትሓዝኑ ብዛዕባ እቶም ደቂሶም ዘለዉ፡ ብዘይ ፍልጠት ክትኮኑ ኣይፈቱን እዩ። ማለት ኢየሱስ ከምዝሞተን ከምዝተንስአን ኣሚንና እዉቶኤናን ከምኡውን ኣምላኽ ነቶም ምስ ኢየሱስ ዝደቀሱ ምስኡ ከምጽኦም እዩ።" ኢሉ ጽሒፍሎም(1 ተሰ ፡4፡13-14)። ኣብ ዘመን ኦሪት ዝነበሩ ቅዱሳን ከይተረፉ ኣብዚ ሓቂ እዚ ዝተምስረተ ህይወት ከምዝነበሮም ቃል መጽሓፍ ቅዱስ የረጋግጸልና እዩ። ኣብርሃም ንይስሃቅ ወዱ ክስውኦ ፍቓደኛ ዝኾነ፡ ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን። ነቲ ሽዑ ንሱ ዝፍጽሞ ዝነበረ ዘይንቡር መስዋእቲ ዘይኮነስ ነቲ ዳሕራይ ዝፍጸም፡ ንዝእዘዝዎ ዝተዳለወ ንቡር ትንሳኤ ስለዝማዕደወ ጥራይ እዩ። ኣብ እብ 11፡17-19 "... ኣምላኽ ካብ ምውታት ድማ ከተንስኦ ከም ዝከእሎ ሓሲቡ ካብኡውን ብምሳሌ መሊሱ ረኸቦ ።" ይብለና። ኣላዛር ሞይቱ ራብዕቲ ኣብ ዝገበረሉ እዋን፡ ክትንስእ እዩ ኢሉ ዝሓሰበ ኣይነበረን። ጎይታ ምስ መጸ ግና ናይ ትንሳኤ ሓሳብ ኣብ ኣእምሮ ማርታ ቀልጢፉ ተሳእለ። በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ክትንስእ ምኻ1ኑ ተኣሚና። ጎይታ ኸተንስእ ቀዳመይቲ ወይውን ዳሕረይቲ መዓልቲ ክብል ኣየድልዮን እዩ።

ብዘመን ትንሳኤ ዘይትንስእ ሰብ ከምዘይህሉ ኦርጊጽና ካብ ፈለጥና፡ ኣስዕብና ክንሓቶ ዝግባና ቀንዲ ሕቶ ኣሎ። ንሱ ኸኣ "ድሕሪ ትንሳኤ ቦታና ኣበይ እዩ፡" ዝብል ሕቶ እዩ። ገሊኡ ናብ ሓጎስ ገሊኡ ከኣ ናብ ስቓይ ክትንስእ እዩ። ከምቲ ንትንሳኤ ዝናፍቓ ሰብ ዘሎ፡ ብኣንጻሩ ገሊኡ ሰብ ዘይምትንሳእ ዝሕሾ ክህሉ እዩ። ምኽንያቱ ካብታ ብሓውን ብምሕርቃም ስንን ዝነብራ ናይ ስቓይ ቦታ፡ እታ ናይ መቓብር ናብራ ኣዝያ ስለእትሕሾ እዩ። ክቡር ኣንባቢ፡ ንሸኻ ምስ እትትንስእ ኣበይ ምኣተኻ፡ እዚ ሕቶ እዚ ንኽትምልስ ግድን ክሳብ እቲ ናይ ትንሳኤ ግዜ ክትጸንሕ ኣየድልየካን እዩ።ሕጂ ኣብዛ ዘለኻያ ሰዓት ቦታኻ ክትፈልጥ ዝከኣል እዩ። እታ ቦታኻ እዉተፈሊጥካያ ንትንሳኤ ወይ ክትብህጋ ወይውን ዘይክትብህጋ ትኽእል ኢኻ።

ክልተ ዓይነት ሞት ከምዘሎ፡ ክልተ ዓይነት ትንሳኤ ከኣ ኣሎ፡ እቲ ቐዳማይ ሞት መንፈሳዊ ሞት እዩ። እዚ መንፈሳዊ ሞት እዚ ዋላ ብስጋ ብህይወት ከለኻ ክትሞቶ እትኽእል ሞት እዩ። ዋላ ብመንፈስ ብህይወት ዘለኻ እናመሰለካ እካ1፡ መንፈሳዊ ሞት ዝሞትካ ክትከውን

ትኽእል። ከምቲ ንመራሒ ናይ ሳርዴስ ቤተ ክርስቲያን “ ኣነ ንግብርኻ እፈልጦ ኣለኹ ህያው ተባሂልካ ትስመ ኣሎኻ ግናኸ ምውት ኢኻ።” ዝተባህለሉ፣ ንሕና ንገዛእ ርእስና ኮነ ሰባትውን ንዓ ና ህያው እናበሉና ከለዉ፣ ኣምላኽ ብመንፈስና ከም ምውታት ክፈልጠና ይከኣል እዩ (ራእይ 3፡1,2)። ህያው ግብሪ ዘለዎ ጥራይ እዩ ብመንፈሱ ህያው ክኸውን ዝኽእል። እቲ ብምውት ግብሪ ዝመላለስ ከአ ብመንፈሱ ምውት እዩ። ስለዚ ሓደ ሰብ መንፈሳዊ ሞት ድዩ ዘለዎ ወይስ መንፈሳዊ ህይወት ክፈልጥ እዉተደልዩ፣ ብዓይኒ ናቱ ዘይኮነስ ንህይወቱ ብዓይኒ ኣምላኽ ክርእያ ይግብኦ።

እቲ ካልኣይ ዓይነት ሞት ከኣ እቲ ብስጋ እንሞቶ ናብ መቓብር ዝመርሓና ሞት እዩ። እዚ ዓ ይነት ሞት  እዚ ብሰንኪ ኣዳማዊ ሓጢኣት ዝመጸ ሞት እዩ። እዚ ሞት እዚ እንስሳታት እኳ ይሞትዎ ኣዮም። እቶም ብመንፈስ ህያዋን ዝኾኑ ሰባት ነዚ ናይ ስጋ ሞት ከም ድቃስን ከም ምቕንጣጥ ድንኳንን እዮም ዝርድእዎ። ብፍላይ እቶም ኣብዛ ምድራዊት ህይወቶም ክፍጽምዎ ዝግብኦም ኩሉ ፈጺሞም ዝወድኡ ኩሎም፣ ነዛ ናይ ስጋ ሞት ይብህግዋ ኣዮም። ናብ ዝሓሸን ዝዓበየን ህይወት እተሰጋግር ድልድል ጌሮም ይርእይዋ። ከም ረብሓ እምበር ከም ወጽዓ ክርእይዋ ኣይኮነሎምን እዩ። እቶም ነታ እትመጽእ ህይወት ዘይተዳለዉ፣ በታ እትመጽእ ትንሳኤ ዝጉድኡ ደኣ እምበር ዘይጥቀሙ ሰባት ግን ነዛ ናይ ስጋ ሞት ከም ጉድ ይፈርህዋ።

ስለዚ ኣብዛ ምድራዊት ህይወቱ ካብ ምውት ግብሪ ተንሲኡ ብህያው ግብሪ ዝነብር ሰብ፣ በታ ዳሕረይቲ ትንሳኤ ናብ ዓብይ ሓጎስ ካቱ እዩ። ዓስቢ ናይቲ ብስውር ኮነ ብግህዶ ዝገበሮ ሰናይ ግብሪ፣ብትንሳኤ ጻድቃን ክፍደ እዩ። ነቶም ኣብዛ ዓለም ከለዉ ንዝጸገሞም ሰባት ከርህውሎምን ክረድእዎምን ንዝተረኽቡ ኩሎም፣ ጎይታ ኣብታ ካልእይቲ ትንሳኤ “ ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት፣ ንዑ እቲ ካብ ምስራት ዓለም እተዳለወልኩም መንግስቲ ውረሱ እናበለ ናብ ሓጎስ ጎይትኡ ከእትዎም እዩ (ማቴ 25፡31-46)።

ምንጪ ጽሑፍ መጽሄት እንጌራ ህይወት
ብዶ/ር. ቀሺ ተኽለኣብ